# ክንሸባ ደቀተባዕትዮ – ንወለዲ ዚምልከት ሓበሬታ

## ብዘይ-ሕክምናዊ ምኽንያታት ኣብ ዚግበር ክንሸባ ደቀተባዕትዮ ኣመልኪቱ ዝወጸ ኣዋጅ ስዊድን

እዚ ኣዋጅ (2001:499)፡ ምኽንሻብ ደቀተባዕትዮ፡ ብእተመዝገበ ክኢላ ሕክምና ወይ ድማ ብሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ድሕነትን ስውድን (Socialstyrelsen) ብፍላይ ፍቓድ ብእተዋህቦ ሰብ ጥራይ ኺካየድ ከምዚኽእል ይሕብር። ክንሸባ ዜካይድ ዚኾነ ሰብ፡ ብገበን ንኺቕጻዕ ኪኽሰስ ይከኣል እዩ።

ዶክተር ክንሸባ ቅድሚ ምኪያዱ፡ እቲ መስርሕ መጥባሕቲ እንታይ ከምዘጠቓልል ንወለዲ ሓበሬታ ክህብ ኣለዎ። ሓደ ወዲተባዕታይ፡ ክልተ ወለዲ እንተልዮሙዎ፡ እቲ ክንሸባ ንኺካየድ ክልቲኦም ወለዲ ድሌት ክህልዎም ኣለዎም።

ዶክተር፡ እቲ ወዲተባዕታይ፡ ሓሳቡ ንኽገልጽ ብዕድመ ዓብን እኹልን እንተኾይኑ፡ ርእይቶታትን ድሌታትን እቲ ወዲተባዕታይ ኣብ ግምት ኬአቱ ክፍትን ድማ ኣለዎ። እቲ ወዲተባዕታይ ክኽንሸብ ድሌት ምስዘይህልዎ ክኽንሸብ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ቆልዓ ውሳኔኡ ንኺህብ ዚኽእለሉ ዕድመ ክሳዕ ዚበጽሕ፡ ነቲ መስርሕ መጥባሕቲ ንኽዳናጉ ለበዋና ነቕርብ።

እቲ ወዲተባዕታይ፡ መድሃኒት ቓንዛ ኪውሃቦ ኣለዎ። እቲ ኩነታት መጥባሕቲ፡ ልክዕ ከምቲ ካልእ መጥባሕትታት ጽሬት ክህልዎ ኣለዎ፣ ሓደ ዓይነት መምርሒታት ድማ ከምዚኽተል ይኸውን።

## ዞባ ክሮንበርግ (Kronoberg)

ህዝባዊ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ብባህላዊ ወይ ሃይማኖታዊ ምኽንያታት ክንሸባ ኸካይዳ ከምዘይብለን፡ ዞባ ክሮንበርግ ወሲኑ ኣሎ። ኣዋጅ ሕሙማት ስዊድን ከምዚሕብሮ፡ ካብ ካልእ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ንኽትረኽቡ ናጽነት ኣለኩም። ናብ መስመር ተሌፎን ሓበሬታ ክንክን ጥዕና (Vårdlots)፥ ተሌ. 0470 - 58 70 70 ብምድዋል ድማ ብዛዕባ'ዚ ዚምልከት ሓበሬታ (ብስዊድንኛ ወይ እንግሊዝኛ) ኪርከብ ይከኣል እዩ።